Eritreischer MenschenRecht Verein e.V.
Baden - Württemberg Stuttgart

# መዓልቲ ናጽነት ግንቦት 24 2007

ክቡራን ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ወጻእን እንርከብ፤ ብቀዳምነት ዕዙዝ ማኅበራዊ ሰላምታና ብምቕዳም እንቋዕ ንመበል 16 ዓመተ ናጽነት ንምብዓል ኣብቕዓና ብማለት ማኅበራዊ ምንዮትና ንገልጽ።

ኵላትና ከም እንፈልጦ ዕለት 24 ግንቦት ሀገርና ኤርትራ ካብ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ብጅግንነት ተባዓት ዜጋታት ብሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ብምኽፋል ካብ ሠንሰለታዊ መግዛእቲ አርዑት ነጻ ኰነት።
ሎሚ መበል 16 ዓመተ ናጽነትና ክነብዕል እንከሎና ብዙሕ ጦብላሕታታት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ውንጅርጅር ክብል ንርኢ።

ክቡራን ዜጋታት ሀገርና፤ ካብ ሠንሰለታዊ መግዛእቲ ድኣ ትገላገል እምበር፤ ሕዝቢ ኤርትራስ እቲ ዘመነ ዘመናት ሀንቀው ዝበሎ ናጽነቱ፤ ኣብ ክንዲ ሕዝቢ ተጠቃሚ ናጽነቱን ሓርነቱን ዝኸውን፤ ውልቀመላኺ ምስ ውሑዳት አጋፈርቱ ዝዕንድሩላ ናይ ዉሑዳት ሀገር፤ ዜጋታታ ድማ ብራዕድን ጭቆናን ዝሽቑረሩላ ሀገር ኼይና ትርከብ አላ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዝተዉልደ ዝኾነ ዜጋ ብናጽነቱ ኾሪዑ፤ ኣብ ሀገሩ ኣብ ክንዲ ዝነብር፤ ኣብ ዳግማይ ስደትን ኣብ ወፍሪ ጊላነትን (ባርነትን) ተቋሪኑ ይርከብ።ኤርትራ ሀገርና ካብቲ ብዘበነ መግዛእቲ ዝተዓጻጸፈ ሻቕሎትን መዘና ዘይብሉ ግፍዕን ተጸሚዳ ትርከብ።ወዮ ንሣላሳ ዓመት መሪር መስዋእቲ ዝኸፈልናሉ ናጽነት መልክዑ ለዊጡ፤ ኣብ ረብሓ መላኺ ክውዕል ከሎ፤ መሬት ናይ መንግሥቲ፤ሕዝቢ ድማ ጥሪት መንግሥቲ ኼይኑ፤ ብልሳነይ ተዛረቡ ብዓይነይ ጠምቱ፤ ዝብል ንነብሱ አነ ኢየ ፍጹም ሰብ፤ አነ ኢየ እኹ ቅኑዕ ፍጡር ዝብል ዝበሓታ ኣብ ኢድ ዘበናዊ ፋሽሽቲ ወዲቃ ትርከብ።

ክቡራን ዜጋታት ከምቲ ንሀገራዊ ናጽነትና ብሥኒትን ሓድነትን ዘዕቀብናዮ፤ ሎሚ እውን ንሓርነታዊ መሰል ዜጋታት ዝከብረሉ ምስ ጐረባብታ ብሰላምን ስምምዕን ናይ ጉርብትና እትነብር ኤርትራ ንክንሃንጽ ወርሒ ግንቦት ትጽውዓና አላ።

ኣብ መጨረሻ ማኅበርና ብምኽንያት መበል 16 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ንሕዝብና ከነማሓላልፎ እንደሊ መልእኽቲ፤ ነቶም ኣብ ኰረሻ ሥልጣን ሕዝቢ ተወጢሖም፤ ንሕዝቢ መሰሉን ክብሩን ብሓይሊ ገፊፎም፤ መሬት ሕዝቢ መንዚዖም ንግላዊ ረብሓታቶም ንረብሓ አገልገልቶምን ዘውዕልዎ ዘለዉ ጃንዳን መጋበርያታቶምን ጽባሕ መሬት ምስ ወግሔ ብሕጊ ዘኽስሶም ከም ዝኾነ ከነተሓሳስቦም ንፈቱ።

ሕዝቢ ኤርትራ እኹ ትሕዝቶኡ፤ መሬቱ ስለ ዝኾነ፤ መሬት ናይቲ ዝምልከቶ ዓድን ሕዝብን ድአ እምበር ናይ መንግሥቲ ነይሩ አይፈልጥን፤ ኣይክኸውንን እውን ኢዩ።

# ዮሃና ንዕለተ ናጽነት 24 ግንቦት

ዮሃና ወገነይ ብመዓልቲ ናጽነት
ፍረ እተሓፍሶ ናይ ዘበናት ከርተት
ህያብ ናይ ሰዉአት 24 ግንቦት
ቅድሚ 16 ዓመት ንሕዝቢ ዘበሰረት።

ወርሒ ግንቦት ኢኺ ዘይብልኺ መዘና
ንመግዛእቲ ቀንጢጥኺ ትውልዒ ባና
ብሓርነት ከተጉላዕልዒ ኢዩ ትጽቢት ሕዝብና
ደጊመ ደጋጊመ ክብለኺዶ ዮሃና ዮሃና።

ብሓርነት ክትካእ ዕለተ ናጽነት
መብጽዓ እተውልና ወርሒ ግንቦት
ትምቢት ተኸቲሩ ብውልቀ ንግሥነት
ኤርትራዊ ክድሕን ካብ ዘበናዊ ባርነት።

እቲ ብዙሕ መስዋእቲ እተከፍሎ ናጽነት
እዚ ኸሰውን ውጽኢቱ የሕዝን ብኡነት
ጀጋኑና አብ መቃብር ስኢኖም ቅሳነት
**ሕጂስ አይፋል ንበል ህሉዋት ብሓድነት**
**ሕጂስ አይፋል ንበል ህሉዋት ብሓድነት።።**

ንናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ መን ይስሕቶ
ዋጋ ናይ ሓርነት እውን ንገምቶ
ብሥኒት ብፍቕሪ ንምልኺ ንመኽቶ
ክሳብ መአስ ህግደፍ ሥልጣን ሕዝቢ ክብሕቶ።?

ዮሃና ክንብል ብናጽነት ሓርነት
**ኾሪዕና ክንነብር ኣብታ ናህና መሬት**
**ሓሕ ኢልና ክንሶኅ ዘበናዊ ሽፍትነት**
**ትጽውዓና ኣላ 24 ወርሒ ግንቦት።**

እታ ዓዲ ለባማት ሀገር መስተውዓልቲ
እወ ዓዲ ጎንበለ ቀያሕቲ ጸለምቲ
ንሕዝበይ እናበሉ ሕይወቶም ወፈይቲ
ከቢሮም ክነብሩ ኣብ መቓብር ታሕቲ።

**ህሉዋት ብናጽነት ተሓቢኖም ክረኽቡ ዕረፍቲ**
**ኢደይ ኢድኻ ንበል ጸረ ህግደፍ ፋሽሽቲ**
**ዮሃና ወርሒ ግንቦት ቀንጣጢት መግዛእቲ።**

**ብሓርነት ትለምልም ኤርትራ ቅድስቲ**
**ዜጋአ ቀሲኑ ክነብር ኣብታ ናቱ ርስቲ**
**እምብለይ ንበል ብሥኒት ንውልቀ መለኽቲ።**

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና
ኤርትራና ብናጽነትን ሓርነትን ትዓንብብ